
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.254 | ዓርቢ 23 ሰነ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ረኽሲ ኩሊት - . . .


ገጽ 3
ሃገራት ደቡባዊ ክፍሊ ዓለም፡ ዕዉት ልምዓት . . .


ገጽ 4
ህይወት፡ ድሕሪ ምርሻን


ገጽ 5
ሰዓት ምኽባር መግለጺ ክብረት!


ገጽ 7

ሻምፕዮን ኤርትራ 2023


# ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ ን'20 ሰነ' ብሓበን ይዝክርዋ ኣለዉ



ኣብ ቴልኣቪቭ - እስራኤል፡ ሪያድ - ስዑዲዓረብ፡ ካይሮ - ግብጺን ሉሳካ - ዛምብያን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ን20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ብዮምቲ ዝኽሪ ኣቢሎም።

ብኣማኢት ዝቖጸሩ ኤርትራውያን ነበርቲ እስራኤል፡ ብ17 ሰነ ኣብ ከተማ ተልኣቪቭ ሰማእታቶም ብሓበን ኣብ ዘዘከሩሉ ኢጋጥሚ፡ ንመናበዪ ስድራ-ስውኣት ዝውዕል 11 ሽሕ ዶላር ወፍዮም።

"ሃገር ኣብ ረዚን ዝኽሪ ሓበን" ብዝብል ቴማ ብ19 ሰነ ኣብ ቀጽሪ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሪያድ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ዝተረኽቡ ዜጋታት ድማ፡ መብጽዓኦም ንትግባረ ሕድሪ ሰማእታት ደጊሞም ብምርግጋጽ፡ ማዕበን ሕድሪ ሰማእታት ንምስሳን 18,482 ሪያል ከወፍዩ እንከለዉ፡ 16 ተወሰኽቲ ስድራ-ስውኣት ናይ ምንባይ ሓላፍነት ወሲዶም።

ኣባላት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ካይሮ - ግብጺ ብወገኖም፡ ድልውነቶም ንትግባረ ሕድሪ ሰማእታት ብምርግጋጽ - 1,160 ዶላር ኣመሪካን 9,230 ፓውንድ ግብጽን ንመስስ ማዕበን ሕድሪ ሰማእታት ወፍዮም።

ኣብ ዛምብያ ዝነብሩ ዜጋታት ድማ፡ ደቆም ብሃገራዊ ክብረታት ብምኽኣስ፡ ሰማእታቶም እናዘከሩ ትርጉም መስዋእትን ሰማእትን ብዮበቱእ ንምስትምሃሮም ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

# ልዕሊ 329 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ-ስዉኣት ተመቓሪሑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ህዝብን ዘዋጽእዎ ልዕሊ 128 ሽሕ ናቕፋ፡ ን247 ስድራ-ስውኣት ተመቓሪሑ።

በዚ መሰረት፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ 620 ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዘዋጽእዎ ኣስታት 93 ሽሕ ናቕፋ ን186 ስድራ-ስውኣትን ደቂ-ስውኣትን፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ሊጣን ዘዋጽእዎ ኣስታት 35,500 ናቕፋ ድማ ን61 ስድራ ስውኣትን ደቂ-ስውኣትን ተዋሂቡ።

ብዘይካዚ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ሊጣን ን10 ኣንስቲ ስውኣት ዓይነታዊ ደገፍ ገይሮም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ድማ፡ ኣብ 5 ምምሕዳራት ከባቢ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ 93 ሽሕ ናቕፋ፣ ሲቪል ሰራሕተኛታት ንኡስ ዞባ ሻምብቆ 90 ሽሕ ናቕፋ፣ ሰራሕተኛታት ንኡስ ዞባ ሞገሎ ድማ - 18 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ ስውኣት ኣበርኪቶም።

# ሜጀር ሳልሕ መሓመድ-ዑመር ተሰዊኡ

ኣባል ክፍሊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን - ገዲም ተጋዳላይ ሜጀር ሳልሕ መሓመድ-ዑመር፡ ብዝሓደሮ ሕማም ሕክምናዊ ናብዮት ክግበረሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ማብል 67 ዓመት ዕድመኡ ተሰዊኡ።



ኣብ 1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ገዲም ተጋዳላይ ሳልሕ መሓመድ-ዑመር፡ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ፖሊቲካዊ ቤት-ጽሕፈትን ክፍሊ ስለያን፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ፡ ኣብ ክፍሊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን ኣብ ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ተመዲቡ፡ ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ገዲም ተጋዳላይ ሜጀር ሳልሕ መሓመድ-ዑመር፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 6 ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ፡ ትማሊ ሓሙስ 22 ሰነ ልክዕ ሰዓት 5:00 ድሕሪቐትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ባጽዕ ተፈጺሙ።

ክፍሊ ኢሚግረሽንን ዜግነትን፡ ብመስዋእቲ ገዲም ኣባሉ ተጋዳላይ ሜጀር ሳልሕ መሓመድ-ዑመር ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ።

# ድባርዋ - ናይ መሬት ክርክር ብውሳነ ተፈቲሑ

ኣብ መንጎ ዓዲ-ሳህላይን ጎርጎዮትን - ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ንልዕሊ 70 ዓመታት ዝቐጸለ ናይ መሬት ክርክር፡ ብውሳነ መዕለቢ ረኺቡ።

ብመሰረት ዝተዋህበ ውሳኔ፡ እቲ 182 ሄክታር ዝሰፍሓቱ ናይ ሕርሻን መጓሰጊን መሬት፡ ንክልቲኦን ዓድታት ብማዕረ ተመቒሉ፡ ናይ ተጠቃምነት መሰል ዘውሕስ እዩ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ብ14 ሰነ ኣብ ዝተኻየደ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ከምኡ'ውን ወከልቲ ክልቲኦን ዓድታት ኣብ ዝተረኽብሉ ስነ-ስርዓት እዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ፍረወንጌል ተኽለሃይማኖት፡ እቲ ጉዳይ ንህዝቢ ክልቲኦን ዓድታት ናይ ተጠቃምነት መሰል ብዘውሕስ ኣገባብ መዕለቢ ምርካቡ "የቐና" ድሕሪ ምባል፡ ነበርቲ ዓዲ-ሳህላይን ጎርጎዮትን ብሓድሽ መንፈስ ንልምዓት ክሰርሑ ተላብዩ።

# ጸርፊ ንኣእምሮ ሰባት

"ስረቓስ እንተትሓፍረለይ" ዝብል መርመም ዜና ኪጋዋሕ ቀንዩ። "ንጥሙያት ዝተለገሰ ረድኤት ናብ ዘይምልከቶም ይኸይድን ተሰሪቑ ኣብ ዕዳጋ ይውዕልን ስለዘሎ፡ ሓገዝና ኣቋሪጽናዮ ኣለና" ዝብል ላግጺን ቀየዕን ዝመስል ዜና። ዘገናዝብ ኣእምሮ፡ ነዚ ዜና'ዚ ክሰምዕ ከሎ ከፈልፍሎ ዝኽእል ሕቶታት ብዙሕ'ዩ።

- ኣማኢት ኣሽሓት ዕጡቓት ንክልተ ዓመት ዝኣክል ከይሓረሱ፡ ከይኣንሰሱ፡ እንታይ ተዓንጊሎም ይዋግኡ ነይሮም?
- ከንቱ ዕንደራ ብምምዋል፡ ህልቂት 'ሚልዮን ሰባት' ዘስዐቦ ልግሲ፡ ምንጩ ካበይ ነበረ? ለጋሲቱ እኒ መን ነበሩ?
- ኣብ ግዜ ውግእ ሕላገዞን እኳ ከይክወላ ዕጡቓት ዘመላልሳ ዝነበራ ኣሽሓት ናይ ጽዕነት መካይን ናይ መን እየን?
- መካይን ረድኤት፡ ዕጡቓት ኣሳፊረን ኣብ ዓውደ ውግእ ብዘፈርቲን ድሮናትን ክህሞኳ ህዝቢ ዓለም ኣይተዓዘበን ደዩ? ሽዑ ዋና ከምዝይብለን ዝሓተለን ዝተሳእነ ስለምንታይ?
- ኣብ ሳንጣ ምውታትን ምሩኻትን ዝጸንሐ ዝነበረ 'መግቢ-ሓይሊ' መን ዘለገሶ'ዩ? ሽዑ ዋናኡ ስለምንታይ ከምዚ ሕጂ 'ተሰሪቑ' ኢሉ ኣይወጨጨን?
- ምስ ረድኤት ተጻዒኑ ብስውር በረራታትን ዝወሃብ ዝነበረ ዕጥቂን መራኸቢታትን ዓጽቦ ንምፍዋስ ደዩ ነይሩ?
- ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ሓደ ግዜ ሕቡራት ሃገራት 'ረድኤት ከበጽሓ ዝተላእኻ ኣማኢት በጣሓተይ ኣይተመልሳን'፣ ሓደ ግዜ ድማ ፕሮግራም መግቢ ዓለም (WFP) '570,000 ሊትሮ ነዳዲ ተሰሪቑኒ' ምባሎም ከዘንጋዕ፣ ሰፍሪ ዘይብሉ ሰንቂ ኣሽሓት መካይን ረድኤት፡ ሚልዮናት በርሚል ነዳዲ፡ ዕንደራ ከተኣናግድ ከሎ፡ ስለምንታይ "ተሰሪቑና" ዘይተባህለ? በቲ ግዜ'ቲ ምጽቃጥ ወይ ዕሽሽታ ዝተመርጸሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?. . .

ክውሕዝ ዝኽእል ሕቶታት ማእለያ የብሉን። "ንሉባም ኣምተሉ" ከምዝበሃል ድማ፡ ሞንታዊ ሰብ፡ መልሲ ኣይጽበየሉን፡ ዝፍን ተመራማርን ሓንገል ስለዘይሓትት። እዚ ዝተጠቕሰ ዓለም ብዮለሙ ዝፈልጦ ዓይኑ ዘፍጠጠ ሓቂ ሓዲግኩ፡ 'ረድኤት ተሰሪቑና' ምባል ድኣ፡ ንኣእምሮ ሰባት ምጽራፍ'ዶ ኣይኮነንን? ወይስ 'ሰባት ብሓድሽ ዜና ምግራም እምበር፡ ናይ ትማሊ ኣይዝክሩን ኣይገናዘቡን እዮም' ካብ ዝብል ንዕቀት ዝብገስ?

ሕጂ ድሕሪ ማይ ኣብ በዓቲ፡ ተልእኾ ምስ በርዓ፡ ከምዚ ዓይነት ዜና ምግዋሕ ዘድለየሉ ምኽንያት'ከ እንታይ ኮን ይኸውን? እዚ እውን ብዮገደኡ ተወሳኺ ሕቶታት ዘለዓዕል እዩ?

- ኩናት ኣይመወልናን? ዕንደራ ካብ ዘስዓቦ ህልቂትን ዕንወትን ኢድና ሕጹብ'ዩ ንምባል?
- መኻሰቲ ኣብዚሕካ ነቲ ፍሩይን ዝኸፍኣን ሓጥያት ምዕባሽ?
- ዕንደራ ንምምዋል ብላሽ ዝኾነ ወጻኢታት ተጸብጺቡ ክሰራ ስለዝኸበደ?
- ወይስ ንኩናት ዝምውል እምበር ንጸገማት ዝለገሰ ረድኤት የብልናን ስለዝተባህለ?

መልሲ ናይዚ ሕቶታት'ዚ እውን፡ ንሞንታዊ ኣእምሮ ርእሱ-ገለጽ እዩ። ሎሚ ምድርኻሕ ዝጸበ በዝም እናወሓደ ንቕሓት ሰባት እናበረኸ፡ ምስሉይነት ፖለቲካ ሰብኣዊ ሓገዝን ሰብኣዊ መሰልን ዕርቃኑ ኣብ ዝወጸሉ ግዜ ኢና ንርከብ። ክንዲ ዝኾነ ሰብ ሞያ መራኸቢ ብዙሓን፡ ንኸምዚ ዓይነት ዜና 'ተረኺቡ' ኢሎም ካብ ምግዋሕ፡ ሓቅታት ሎምን ትማሊን ብምግምጋም ብቐደፈታዊ ዓይኒ ክብድህዎ ሞያዊ ግዴታ ኣለዎም። ኣእምሮ ሰባት ምጽራፍን ምንዓቕን 'ዓጉብ!' ክበሃል ዝግባእ'ዩ።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ረኽሲ ኩሊት - pyelonephritis

ረኽሲ ኩሊት፡ መብዛሕትኡ ግዜ ወጽኢት ናይ ኣብ መትረብ ሽንቲ (urinary tract) ብዘጋጥም ጸገማት እዩ ዝግለጽ። እቲ ረኽሲ፡ ናብ ሓንቲ ወይ ክልቲኤን ኩሊት ክልሕም ይኽእል። ረኽሲ ኩሊት ቅጽበታዊ ወይ ሕዱር ክኸውን ይኽእል እዩ። ብእኡ ክፍወስ ምስ ዘይክእል፡ ንህይወት ዝፈታተን ክቱር ቃንዛ እዩ ዘለዎ። ረኽሲ ኩሊት፡ ብሕክምናዊ ኣገላልጻ ነድሪ ጎሎ ኩሊት - ማለት 'የለኖፍራይትስ' (pyelonephritis) ተባሂሉ ይግለጽ።

**ምልክታት**

ምልክታት ረኽሲ ኩሊት፡ ቀልጢፉ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልታት እዩ ክንጽድ ዝጅምር። ብደረጃ ዕድመ እቲ ምልክታት እውን ይፈላለ እዩ። እቶም ልሙዳት ምልክታት፦

ቃንዛ ኣብ ከስዐ ሕቖ፡ ረቓቒቶ (ኣእጋር ዝራኸቡሉ ክፋል ኣካል)፡ ከምኡ'ውን ጎድናዊ ክፋል ሰብነት፡

ተምላሲን ዕግርግርን

ተደጋጋሚ ምሻን ከምኡ'ውን ክትሸይን ናይ ምድላይ ስምዒት፡

ክትሸይን እንከለኻ ምቅጻዝውን ምቅጻልን


**መግሊ ወይ ደም ኣብ ሽንቲ**

ሕማቕ ሽታን መለግለግ ምባልን ሽንቲ

ቁራቚሪ ምባልን ረስንን ወዘተ።

ረኽሲ ኩሊት ዘለዎም ትሕቲ ክልተ ዓመት ህጻናት ዘርእይዎ ምልክታት፡ ልዑል ረስኒ ጥራይ እዩ። ኣእምሮኣዊ ምዝንባልን ምድንባጽ ዘርእዩ፡ ረኽሲ ኩሊት ዘለዎም ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሜኦም ሰባት ዘርእይዎ ምልክታት እዩ።

እቲ ረኽሲ ብእኡ ብግቡእ ክፍወስ እንተዘይክኢሉ፡ እቲ ምልክታቱ ዝተሓላለኸ እዩ ዝኸውን። እቲ ጉዳይ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ምስ ዝበጽሕ፡ ብሕክምናዊ ኣጸዋውዓ 'ሰፕሲስ' (sepsis) ተባሂሉ ይግለጽ። ኣብዚ ደረጃ'ዚ ዝበጽሐ ሰብ




ዘርእዮ ፍሉይ ምልክት፦

ክቱር ረስኒ፡

ቁራቚሪ ምባል፡

ቅልጡፍ እስትንፋስን ህርመት ልብን፡

ዕንፍሩርን ሽፋታን ኣብ ቆርበት፡

ምስሓት ኣእምሮ ወዘተ እዮም።

**ጠንቂ**

ኣብ ላዕለዋይ ሸነኽ ከስዐ፡ ዕግኮ ናይ ኢድ ዓቐን ዘለወን፡ ሓንቲ ኣብ የማናይ ሓንቲ ድማ ኣብ ጸጋማይ ጎድኒ ዝሰፈራ ክልተ ኩሊት ኣለዋና። ኣብ ደም ዝርከብ ርስሓት ብምእላይ - ብመንገዲ ሽንቲ ንደገ ከም ዝወጽእ ይገብራ። ኣብ ደም ዘሎ መጠን ማይ ከምኡ'ውን 'ኤለክትሮላይትስ' (electrolytes) ምምዕርራይ'ውን ቀንዲ ስራሐን እዩ። 'ኤለክትሮላይትስ' - ብምንቅስቓስ ኣየን ኤለክትሪክ ዝውሕዘሉ ዘይሚታላዊ መተሓላለፊ መንገዲ እዩ።

ስራሕ ናይ ኩሊት - ንጥዕናና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። መብዛሕትኡ ረኽሲ ሽንቲ ብባክተርያ ወይ ቫይረስ እዩ ዝኸሰት። እቶም ባክተርያ ወይ ቫይረስ፡ ብመትረብ ሽንቲ ኣቢሎም ናብ ኩሊት ብምብጻሕ ረኽሲ ይፈጥሩ። ባክተርያ 'ኢ. ኮሎ' (E. coli)፡ ረኽሲ ኩሊት ዝፈጥር ልሙድ ባክተርያ እዩ። እዚ ባክተርያ'ዚ ኣብ ኣምዑት ጸኒሑ፡ ብመንገዲ 'ዩረትራ' (urethra) ኣቢሉ ናብ መትረብ ሽንቲ ይኣቱ። 'ዩረትራ' ኣብ ፍሕኛ ዝተኣከበ ሽንቲ ንደገ ዘውጽእ መትረብ እዩ። እቲ ባክተርያ ኣብዚ መትረብ'ዚ ተራቢሑ ናብ ፍሕኛ ሽንትን ኩሊትን የሰፋሕፍሕ።

ግሩናት ዘይኮኑ - ግን ከኣ ጠንቅታት ረኽሲ ኩሊት ተባሂሎም ዝግለጹ ካልኦት፦

ኣብ ካልእ ክፋል ሰብነት ካብ ዘሎ ረኽሲ ዝመጽእ ባክተርያ። እዚ ባክተርያ'ዚ ኣብ ደም ተሓዊሱ ናብ ኩሊት ብምብጻሕ ረኽሲ ክፈጥር ይኽእል።

ኣብ ልዕሊ ፍሕኛ ሽንትን ኩሊትን ኣቐዲምካ ዝግበር መብጣሕቲ

ከም ጸጸር ኩሊትን ጥረን ዝኣመሰለ - ንዋሕዚ ሽንቲ ዕንቅፋት ዝዂብር ጸገማት፡ ከምኡ'ውን ምግዛፍ ጸኪ ፕሮስቴትን ዓጽረ-ሽንትን።

**ተኣፈፍቲ ረቛሒታት**

ዝኾነ ሰብ ረኽሲ ኩሊት ኬጋጥሞ ይኽእል እዩ። እዞም ሰዒቦም ተዘርዚሮም ዘለዉ ረቛሒታት፡ ብረኽሲ ኩሊት ክንጥቃዕ ዝለና ተኽእሎታት ዝዛይዱ እዮም።

**ነድሪ ጎሎ ኩሊት(Urinary tract infections)፦** 1 ካብ 30 ነድሪ ጎሎ ዘለዎም ሰባት፡ ብረኽሲ ኩሊት ከም ዝጥቅዑ ጸብጻባት የመልክቱ።

**ጓል-ኣንስተይቲ ምዃን፦** ደቂ ኣንስትዮ ልዕሊ ደቂ-ተባዕትዮ ንረኽሲ ኩሊት ዝያዳ ዝተቃልዓ እየን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት መትረብ ዩረትራ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ካብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ሕጽር ዝበለ እዩ። ረኽሲ ክፈጥር ዝኽእል ባክትርያ - ተራቢሑ ቀልጢፉ ናብ ፍሕኛ ሽንትን ኩሊትን ክበጽሕ ይኽእል። ብተወሳኺ መሸንቶን መሃንቱስን ደቂ-ኣንስትዮ ተቐራሪቢ ብምዃኑ፡ ካብ ኣምዑት ዝመጽኡ ባክተርያ ብቐሊሉ ናብ መሸንቶ ክኣትው ተኽእሎ ኣለዎም።

**ነፍሰጾር ምዃን፦** ደቂ-ኣንስትዮ ነፍሰ ጾር ኣብ ዝኾናሉ እዋን፡ ኣብ መትረብ ስርዓት ሽንቲ ምቅይያራት ስለ ዝህሉ፡ እዚ ድማ ባክተርያ ብቐሊሉ ናብ ፍሕኛን ኩሊትን ክኣቱ ዕድል ዝኸፍት ስለዝኾነ - ግቡእ ጥንቃቐን ክንክንን ንጽህናን ክኽተላ ይግባእ።

**ድኹም ስርዓት ምክልኻል ሕማም ምህላው፦** ሕማም ሽኮር፡ 'ኤች. ኣይ. ቪ. - ኤይድስ'፡ ጸገማት ስርዓት-ሽንቲ ወዘተ ዘለዎም ሰባት ብረኽሲ ኩሊት ብቐሊሉ ተጠቃዕቲ እዮም።

**ጸገም ዕትብቲ ዓንዲ ሕቖ ምህላው፦** ጸገም ዓንዲ ሕቖ ዘለዎም ሰባት፡ ብቐሊሉ ምልክታት ነድሪ ጎሎ ኩሊት ክስተብሀልሉ ስለ ዘይክእሉ፡ ቡቲ ሕማም ዝያዳ ተጠቃዕቲ እዮም።

**ዓጽረ-ሽንቲ፦** ዓጽረ-ሽንቲ ዘለዎም ሰባት፡ ተደጋጋሚ 'ካታተር' (catheter) ስለ ዝጥቀሙ ብረኽሲ ኩሊት ዝያዳ ተጠቃዕቲ ይኾኑ።

**ረኽሲ ኩሊት ብኸመይ ንከላኸሎ?**

መብዛሕትኦም ረኽሲ ኩሊት - ብረኽሲ ፍሕኛ ሽንቲ እዮም ዝጅምሩ። ስለዚ፡ ረኽሲ ፍሕኛ ሽንቲ ከየጋጥመና ጥንቃቐታት ምግባር ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ዓውዲ ሕክምና ሓያል ምርምራት ዘካይዱ ክኢላታት፡ ረኽሲ ፍሕኛ ሽንቲ ንምክልኻል ዝኽእል ዝበለጸ መንገዲ ኣብ ምርዳእ ሓያል ጻዕርታት እዮም ዘካይዱ ዘለዉ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ኣነባብራኻ ገለ ለውጥታት ብምግባር፡ ነቲ ጸገም ክትከላኸሎን ክትፍውሶን ከም ዝከኣል ይሕበር እዩ።

ብብዝሒ ፈሳሲ ምውሳድ ብፍላይ ማይ ፈሳሲ፡ ብፍላይ ድማ ማይ ብብዝሒ ምውሳድ፡ ኣብ ስርዓት-ሽንቲ ክህልዉ ዝኽእሉ ባክተርያ ሓጺቡ ከውጽኦም ተኽእሎታት ኣሎ። ኣብ መዓልቲ ልዕሊ ክልተ ሊትሮ ማይ ክንሰቲ ከም ዘለና እዩ ዝምከር። ብዝኾነ ጥዕናዊ ጸገም ብዙሕ ማይ ክትሰቲ ዘይትኽእል እንተኾንካ፡ ምስ ሓኪም ክትዘራረብ ይግባእ።

**ድሕሪ ቀልቀል ምውጻእ ዝግበር ጥንቃቐ ኣብ ጽሬት**

ዓይኒ ምድሪ ክንጥቀም እንከለና፡ ኣብ ጽሬት መሃንቱስን መሸንቶን ግቡእ ቆላሕታ ክንገብር ይግባእ። ብፍላይ ደቂ-ኣንስትዮ ድሕሪ ቀልቀል ምውጻኣን መሃንቱስ ክሕብኣ እንከለዋ ካብ ቅድሚት ናብ ድሕሪት ክኸውን ኣለዎ። እዚ፡ ብመሃንቱስ ክወጽእ ዝኽእል ባክተርያ ናብ መሸንቶ ከይኣቱ ኣብ ምክልኻል ይሕግዙ።

**ተደጋጋሚ ምሻን**

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 3 ወይ 4 ሰዓታት ክንሸይን ይግባእ። ሽንቲ ንነዊሕ ሰዓታት ምስ እንዕቅሮ፡ ኣብ ከብዲ ፍሕኛ ሽንቲ ብብዝሒ ባክተርያ ክፋረዩ ዕድል ዝኸፍት ምኳኑ ኣይትዘንግዑ።

**ምሻን ድሕሪ ጾታዊ ርክብ**

ድሕሪ ጾታዊ ርክብ፡ እቲ ወዲ-ተባዕታይ ይኹን እታ ጓል-ኣንስተይቲ ቀልጢፎም ክሸኑ ከም ዘለዎም እዩ ዝምከር። እዚ፡ ነቲ ናብ መሸንቶ ክኣቱ ዕድል ዝረኸበ ባክተርያ - ተሓጺቡ ከምዝወጽእ እዩ ዝገብሮ።

**ኩሊት**

ኩሊት፡ ናይ ኣዳጉራ ቅርጺ ዘለዎ፡ ኣብ መጥባውቲ እንስሳታት ኣገዳሲ ተራ እትጻወት ኣካል እያ። ከም 'ግሉኮዝ' (glucose) ዝኣመሰሉ ትርፊ ተፈጥሮኣዊ ሞለኪዩል፡ ካብ ኣካላትና ኣብ ምውጻእ ትሕግዝ። ካብ ኣካላትና ከም ሽንቲ ዝኣመሰሉ ረሳሕ ጎብስታንሳት እውን ብመንገዳ እዮም ንደገ ዝወጽኡ። ከሚካላት ናይ ኣካላትና ሚዛናዊ ኮይኑ ንኽቕጽል'ውን ልዑል ግደ ኣለዋ። ምዕሩይነት ጨውን ማይን ናይ ኣካላትና ብምዕቃብ፡ ኣብ ኣካላትና ክህሉ ዝኽእል ጸቕጢ ደም ትቁጻጸር። 'ኣሲድ በይዝ' (acid-base) ናይ ኣካላትና ትዕቅብ።

ኩሊት - ብሸምብቆ ደም ኣርተሪ ዝተቐበለቶ ደም ኣጻሪያ፡ ዝጸንሖ ርስሓት ብመንገዲ ሽንቲ ኣውጺኣ፡ ናብ ሻምብቆታት ደም ቬይን ብምልኣኽ ናብ ኣካላትና ከም ዝዝርጋሕ ትገብር። እዚ ይኹን'ምበር፡ ኩሊት ሓንቲ ካብቶም ብቐሊሉ እትንቀፍ ክፋል ኣካላትና ምዃና'ውን ክንዘንግዖ የብልናን። ክኢላታት ሕክምና፡ ሓደጋታት ሕማም ኩሊት ንምንካይ ዝሕግዙ ብቐሊሉ ክንገብሮም ዝግብኣና ነጥብታት ዘርዚሮም ኣለው። ገለ ካብኦም፦

=> ጥዕና ዝህቡ መግብታት ከም ፍሩታታት፡ ኣሕምልቲን ጥረታትን ዝኣመሰሉ መግብታት ምምጋብ፡ ልዑል ፕሮቲን ዘለዎም ከም ስጋን ጸብን ብብዝሒ ዘይምውሳድ።

=> ቀጻሊ ምውስዋስ ኣካላት ብምኽያድ፡ ድልዱል ኣካላዊ ብቑዓት ምውናን።

=> መጠን ሽኮር ኣብ ደምካ ምቁጽጻርን ምዕቃብን።

=> ቀጻሊ መጠን ጸቕጢ ደምካ ምቁጽጻርን - ኣብ ንቡር ደረጃኡ ምሕላውን።

=> ብዙሕ ሽኮር ዘይምውሳድ። መዓልታዊ ብዙሕ ማይ ምስታይ፡ በዚ ድማ ኩሊት ብብዝሒ ፈሳሲ ከም እትረክብ ምግባር።

=> ሽጋራ ምትካኽ ምቁራጽ፡ ወይ'ውን ፈጺምካ ዘይምትካኽ።

=> ልዕሊ ዓቐን መድሃኒት ካብ ምውሳድ ምቑጣብ። ተፈጥሮኣዊ ንጥዕና ኩሊት ሓገዝቲ ዝኾኑ ዘቤታዊ ክንክን ምግባር።

=> ናብ ሓኪም ብምኻድ፡ ብዛዕባ ጥዕና ኩሊትካ ቀጻሊ መርመራ ምክያድ።

=> ስድራቤትካ ናይ ኩሊት ጸገም ዘለዎም እንተኾይኖም ድማ፡ ንሰኻ ናብ ሕክምና ቀጻሊ ምምልላስ ከም ዘድልየካ ዘይምዝንጋዕ።

ምንጪ፦ healthline

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 16:00 | መደብ ሞዛይክ1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ሞዛይክ 2ይክፋል |
| 19:30 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገሉብ ደሓን |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም በርህ በዓል ርስቲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስፖብብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

# ሃገራት ደቡባዊ ክፍሊ ዓለም፡ ዕዉት ልምዓት ንምምዝጋብ - ኣብነት ቻይና እንተዝኽተላ - ‘people’s daily online’

**ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን፡ ‘people’s daily online’ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና - ብዛዕባ ተጠቒሱ ዘሎ ኣርእስቲ፡ እዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዘርገሐ ነይሩ። ኣማኑኤል መሰፍን (ኣብጋ) ካብታ ሃገር ልኢኹልና ኣሎ - ብቐጥታዊ ትርጉሙ እነሆ፦**



ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ፕረዚደንት ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ - ኣብ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣብ ኣገዳሲት ኣብ ልምዓትን ክልተኣዊ ሽርክነትን ዘተኮረ ዑደት ኣካይዱ ነይሩ። ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ዝሓለፈቶ ገዐዝ ልምዓትን በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ዕቤትን፡ ሓያሎ ሃገራት ናተን ስትራተጂ ልምዓት ክሕንጽጻ ከም ኣብነት ኰይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ኤርትራ እትርከበን ሃገራት ደቡባዊ ክፋል ዓለምን እውን፡ ናይ ገዛእ ርእሰን ኣብ ልምዓት ዘረጋግጽ መደባት ካብዚ ተሞኩሮ እዚ ኣብነት ክወስዳ ይኽእላ እየን።

እዛ ሃገር በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ልምዓት ብቐሊል ዝተበጽሐ ዘይኰነስ፡ ብዙሕ ሓርገጽገጽን ብድሆታትን ዝሰገረ እዩ። ሓያሎ መሰናኽላትን ፀገማትን ዝሓለፈ፡ ነዊሕ ዝጠመተ ዕላማን ጽንዓትን ብዝሓላትት ንጹር ስትራተጂያዊ መደባት፡ ካብቲ ድሕረትን ድኽነትን ዝነበረ መለለዪኣ ወጺኣ፡ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣብዚ መበል 21 ክፍለ ዘመን ሓንቲ ካብተን ቀዳሞት ዓለማዊ ሓይልታት ክትከውን በቒዓ ኣላ።

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ካብ ምእኩል ቁጠባ ናብ ብዕዳጋ ዝውሰን ቁጠባ ኣብ መውዳእታ ሰብዓታት ክትሰጋገር እንከላ፡ ምዕራፍ ተሃድሶ ዝኣተወትሉ ግዜ እዩ ነይሩ። በዚ ሓደሽ ፖሊሲ ድማ ካብቲ ብማእከላዊ ሕንጻጽ ጥራይ ዝምራሕ ዝነበረ ዓይነት ቁጠባ ናብቲ ክፉት ዕዳጋ ክትኣቱ ክኢላ።

ኣብቲ እዋን ብዙሕ ግዳማውን ውሽጣውን ብድሆታት፡ ዝጀመረቶ ገዐዝ ቀሊል ኣይነበረን። ይኹን ደኣ’ምበር በዚ ጽንዓት ዝሓለፈቶ ገዐዝ ናብ ዕቤት ዘብጽሓ መንገዲ ጸሪጋ እያ።

**ደቡባዊ ክፋል ዓለም - ብፍላይ ኣፍሪቃ ካብዚ ተመኩሮ እዚ እንታይ ልምዲ ክትወስድ ትኽእል?**

ኣብቲ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና - ኣብ 2013 ዘተኣታተወቶ ‘ተበግሶ ዕጣቕን መንገድን’ (BRI) ካብ ሓያሎ ኣህጉራት ዝኸውና ብሓፈሻ 151 ሃገራት ተሳቲፍተ ኰይነን ኣለዋ። እዚ ተበግሶ እዚ፡ ሓያሎ ናይ ትሕተ ቅርጺ ዕማማት ኣብ ኣፍሪቃ ክጅመር ኣኽኢሉ እዩ። ኣብ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ዝፍጠር ዘሎ ብዙሕ ገጽታ ዘለዎ ምትእስሳራት ንምዝራግ፡ ገለ ማሕበራዊ መራኽቢታትን ሃገራትን ናይ ጸለመ ወፈራታት ከካይዳ ጸኒሐን እየን።

እዘን ሃገራት እዚአን፡ ካብቲ ነዊሕ ዓመታት ዘቑጸረ ታሪኽ ክልተኣዊ ምትሕግጋዛት፡ ኣብቲ ቻይና ምስ ዝምዕብላ ሃገራት እተርእዮ ቅኑዕ ናይ ምትሕግጋዝ ምሕዝነትን ናይ ሓባር ረብሓ ምሕላውን ዘለወን እምነት ክገልጻ ጸኒሐን እየን።

ኣብቲ ኣብ 2022 ዝተኻየደ መበል 20 ሃገራዊ ጉባኤ ኮሙኒስታዊ ሰልፊ ቻይና፡ ዓለማዊ ሰላምን ልምዓትን ብምሕያል ብናይ ሓባር መጻኢ ዝተሃንጸ ማሕበረሰብ ክሀድድ ቻይና ተመጣጢዓ እያ። ብመሰረት እቲ መበል 20 ጉባኤ ሰልፊ፡ ቻይና “ዓለማዊ ልምዓትን ምትሕግጋዝን ንምድንፋዕ ዝያዳ ወፍሪ ንምፍሳስ ድልውቲ እያ። ኣብ መንጎ ሰሜንን ደቡብን ዘሎ ጋግ ንምጽባብ ኣብ ምዕባይ ንዘርክብ ሃገራት ናይ ልምዓት ሓገዞት ኣብ ምቕራብ ደማ ትርከብ።

ምስ ኣፍሪቃ ዘለዋ ርክብት ንምድንፋዕ፡ ቻይና በቲ እትኣምነሉ መትከል ቅንዕና፡ ሰናይ ምሕዝነትን እምነትን ትጸበት ጭብጥ ወጽኢት ሐዛ ትቕጽል ኣላ። ኣብ ምምዕባል ምስ ዝርከብ ሃገራት፡ ምሕዝነትን ምትሕግጋዝን ንምሕያል ፍትሓዊ ብዝኾነ ናይ ሓባር ረብሓ ሓገዞት ተቕርብ። ኣብ ዓለም ዝርኣዩ በዓሀቲ ተርእዮታት ንምምካት ድማ፡ ምስ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ኢድ ንኢድ ተተሓሒዛ ትጓዓዝ ኣላ።

ኣብዚ እዋን እዚ፡ ኣብ ዓለምና ካብቲ ናይ ዝሐል ኲናት ኣተሓሳስባ ዝዘበሰ ዓብላሊ ኣሃዳዊ ስርዓት-ዓለም ከም ጉብለል ኰይኑ ክመልኽ ኣብ ዝፈታተነሉ ግዜ ኢና ዘለና። ገለ ሃገራት፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሃገራት ዘይሕጋዊ በይናዊ እገዳታት ብምሽናን፡ ኣብ ዞባውያን ኩናት ምትእትታዋት ብምግባርን ናይ መጻናጺ መርበባት ኣብ ምዝርጋሕን ደርኪብ ኣለዋ። እዚ ተርእዮ እዚ ንኣፍሪቃ ጸልዩዋ እዩ።

ብኸሉ ዝተፈላለዩ ብዙሕነት ዝተባረኸት፡ ብዙሕ ዓቕሚ፡ ኒሕን ሓይልን ዘለዋ ጌና እትቀላቐል ዘላ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ክንዲ ዓውዲ ምትህልላኽ ሓያላት ሃገራት፡ መድረኽ ዓለም-ለኻዊ ምትሕግጋዝ ክትከውን ኣለዋ።

## ኤርትራን ቻይናን

ዝምድናታት ኤርትራን ቻይናን፡ ካብ 1960ታት እዩ ጀሚሩ። ኣብቲ እዋን’ቲ ኮሙኒስታዊ ሰልፊ ቻይና፡ ህዝቢ ኤርትራ ዘካይዶ ንዝነበረ ናይ ናጽነት ቃልሲ፡ ሞራላውን ንዋታውን ሓገዞት የወፊ ነይሩ። ኣብ 1967 ድማ፡ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ናንጂንግ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ወተሃደራዊ ታዕሊም ወሲዱ ነይሩ። ድሕሪ ናጽነት ከኣ፡ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ካብተን ቀዳሞት ምስ ኤርትራ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ዝፈጠራ ሃገራት እያ ነይራ።

ኣብ 24 ግንቦት ናይዚ ዓመት እዚ፡ መበል 30 ዓመት ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ቻይናን ኤርትራን ተኸቢሩ ነይሩ። ንዝሓለፉ 30 ዓመታት ድማ ክልቲኦን ሃገራት ምዉቕን ኣርባሒን እናኾነ ዝቐጸለ - ኣብ 2022 ናብ ስትራተጂያዊ ዝምድና ብዝምዕበለ ዲፕሎማሲ ተኣሳሲረን ጸኒሐን ኣለዋ።

ካብ 14 ክሳዕ 19 ግንቦት ፕረዚደንት




ኢሳይያስ፡ ኣብ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ናይ ሽዱሽተ መዓልቲ ዑደት ንምፍጻም መሰኒይታ ጉጅለ ሒዙ ገይሹ ነይሩ። እቲ መገሻ እምበኣር፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ክምዕበል ዝጸንሐ ርክብት በጺሕዎ ዘሎ ምዕራፍ ዘጕዝድ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ካብ ቀረባ ዓመታት ንደሓር፡ ኣብ ህንጻ ትሕተ ቅርጺ፡ ትምህርትን ክንክን ጥዕናን፡ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ዝረአ ዘሎ ኽንጋስ ኣብ መንጎ ኤርትራን ቻይናን ዘሎ ናይ ምትሕግጋዝን ናይ ልምዓት መደባትን እናሓየለ ምኻዱ ዘርኢ እዩ። ከም ኣብነት ንምጥቃስ ዝኣክል ኣብ ቀረባ እዋናት፡ ናይ ኤርትራ-ቻይና መበል ‘ሳልሳይ ምትሕግጋዝ ቴክኒካዊ መደባት ሕርሻ’ ዝተዛዘመሉ ግዜ ነይሩ። እዚ ድማ ኣብቲ ኤርትራ ክትበጽሖ ዘለዋ ተኽእሎታት ውሕስነት መግቢ ምዕቡል ሕርሻዊ ጽላትን ዘበራትዕ እዩ።

ኣብ ምትሕግጋዝ ሕርሻዊ ጽላት፡ ሓያሎ ሕርሻዊ ቴክኖሎጂ ቻይና ተኣታትዩ። ኣብ ስርዓት-መግቢ ኤርትራ ምስጥጋር ፍልጠትን ሌላ ካልእ ዓይነት ቡቃልያታትን ልምዲ ተቐሲሙ እዩ። ምዝባዕ ክሊማ ክጻወሩ ዝኽእሉ ዓይነት ዘራእቲ ኣብ ምልላይን፡ ከም ምቁር ድንሽ ዝኣመሰለ ዓይነት መግቢ ኣብ ምዝርጋሕን ዝተገብረ ምትሕግጋዝ ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።

እዚ ምትሕግጋዝ እዚ፡ ድኽነት ኣብ ምቕላልን ረቛሒ ዝኾነ ውሕስነት መኣዝዊ መግቢታት ኣብ ምርግጋጽን ይሕግዝ።

ንኣስታት ርብዒ ክፍለዘመን ዝኣክል ምስ ቻይና ኣብ ዝተገብረ ንጥዕና ኣብ ዝምልከት ምትሕግጋዛት፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ጥዕናዊ ድሕነት ህዝቢ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ገይሩ እዩ። ስርዓት ጥዕና ሃገር ኣብ ዝጉብሮ ምዕባለታት እውን እዚ ምትሕግጋዝ ከም ሓደ ኣብራታዊ ጉዳይ እዩ ነይሩ።

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣብ ርእሲ ከተማ ኣስመራ ዘመናዊ ዝኾነ ‘ኦሮታ’ ናይ መወከሲ ሆስፒታል ኣብ ምምዕባል ሓገዝ ገይራ እያ። ካብ 1997 ንደሓር ድማ፡ 16 ጉጅለ ቻይናውያን ሓካይም ናብ ኤርትራ ብምእታው፡ ኣብ’ቲ ኤርትራ ብኸኽ ጥዕና ዝረርመቶ ዓለም-ለኻዊ ናይ ልምዓት ሸቶ ዘይዛሰሰ ኣሰር ኣበርኪቶም እዮም።

ኤርትራ ብዕቑር ማዕድናት ወርቂ ሃዝሰ፡ ዚንግን ፖታሽን ሃብታም ብምዃና፡ እዚ ግቡእ ኣጠቓቕማ ክዋበረሉ እንከሎ ድማ - ሓያሉ ኣፍረይቲ ኢንዱስትሪታት ክምዕበሉን ክልቲኦን ሃገራት ዝረብሓሉ ኩነታት ክፍጠርን ይኽእል እዩ።

ብዘወኻኸ፡ ተበግሶ ‘ቅናትን መንገድን’ ኣብ ትግበረ እናወዓለ ኣብ ዝኸደሉ ግዜ፡ ኤርትራ ከም’ኡ’ውን ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ጽላት ፍርያት ዘሐይል ተጠቃሚት ናይ መራኸቢ ትሕተ ቅርጺ ክትከውን ትኽእል እያ። ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ እውን ሓያሎ ኣገደስቲ ኣብ ዝኾኑ - ከም ንግዲ፡ ኢንዱስትሪ፡ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ኣብ ዝኣመሰሉ ጉዳያት ምስ መራሕቲ ቻይና ተዘራሪቡ እዩ።

ካልእ፡ ኣብቲ ናይ ልምዓት ምትሕግጋዛት ተወሳኺ ረብሓ ክህብ ዝኽእል ስትራተጂያዊ ኣድኳኹና ኤርትራ እዩ። ኤርትራ፡ ናብ ኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ምብራቕን ኤውሮጳን ኣብ ዘሰጋግር ኣገዳሲ ኣፍ-ደገ እያ እትርከብ። በዚ ኣቀማምጣ እዚ፡ ቻይና ሓደስቲ ዕዳጋታት ንምስፋሕን ጠቓሚ ናይ ንግዲ መስመር ክትከፍተሉን የኽእላ።

ብናይ ሓባር ምኽባር ናይ ሓባር ረብሓ ዝብል መለለዩ ዘለዎ፡ ቻይና ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገራት ወጻኢ ዘለዋ ናይ ዘይምትእትታው ፖሊሲ፡ ምስ’ቲ ኤርትራ ዝሓዘቶ ራእይ ርእሰምርኮሳ ዝቃዶ እዩ።

ኤርትራ ኣብ እተካይዶ ናይ ልምዓት ስትራተጂ፡ ርእሰምርኮሳ ከም ራእይ ብምሓዝ ዘቤታዊ ፍርያት ዝቤታዊ ሃልኪ ኣብ ዘውዕሉ ጽላታት ኣተኪሮ ትጉብር። ቻይና ኸኣ፡ ናብ ርእሰምርኮሳ ብዘለዋ ሚዛናዊ ኣረኣእያ፡ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ሓያሎ መዳያት ክተሓባበራ ዘኽእል ባይታ ኣሎ። ኣብ ከም ውድብ ሕብረት ኣፍሪቃ ዝኣመሰሉ ዓለም-ለኻዊ ውድባት ብፖሊሲታት ዘይምትእትታው ናይ ነፍሲ-ወከፈን ራእይ ብሓባር ከሐይላ ይኽእላ እየን።

ኣብ መደምደምታ፡ መሰረሕ ምዕባለ ሃገር፡ ጂኦ ፖለቲካዊ ኣቀማምጣ፡ ትሕተ ቅርጽን ፖሊሲታት ንግድን ብዝኣመሰሉ ሓያሎ ረቛሒታት ስለ ዝጽሎ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ዓለም ብፍላይ ኣብ ኣፍሪቃ ዝርከባ ሃገራት - ኣብ ሓጺር ግዜ ቅልጡፍ ናይ ልምዓት ገዐዝ ከካይዳ እንተደኣ ኰይነን ሓያሎ መሰናኽላት ክሓልፋ ኣለወን።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ቻይና ዘካየዶ ምብጻሕ - ምስ ራእይን ፖሊሲን ሃገር ኣብ ዝሰኑ ዲፕሎማሲያዊ ንግዳውን ትሕተ ቅርጻውን መደባት ልምዓት ዘሳልጥ ዕድላት ዝኸፈተ እዩ ነይሩ። ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ሸቶ ምዕባለ ክትበጽሕ ቻይና - ብዘለዋ ልዑል ልምዲ ህንጻ ትሕተ ቅርጺ፡ ብመሰረት ሓባራዊ ምክብባር ንሓባራዊ ረብሓ ክትድግፉ ትኽእል እያ። ኤርትራ እውን ኣብ ቁጠባዊ ዕቤት ጠሙተ ብምግባር - ናይ ባዕላ መንገዲ ልምዓት ባዕላ ክትቅይሶ ጸገም የብላን።



# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ሰዓት ምኽባር መግለጺ ክብረት!

ቁጸራ መዓስ ተጀሚሩ ይኸውን - ንምምጋት፡ ብዙሕ ዘሸግር ኣይመስለንን። እቲ ምንታይ ደቂ ሰብ ተቛጸርም መዓልታዊ ንጥፈታቶም ከሳልሱ ንብር መስርሕ ብምዃኑ፣ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ነይሩ ክትብል ዘድፍር'ዩ። ኣብ ግዜ ቁጸራ ንኽልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ተቛጸርቲ ዘዕሱኦም ክልተ ነገራት ኣለዉ። ሰዓትካ ዘይምኽባርን ቆጸራ ምጥሳምን። 'ባህርያትና ከም መልክዕና'ዩ ዝፈላለ' ከም ዝበሃል፡ ኣብ ቁጸራ'ውን ገለን ኣብ ሰዓቱ ዝርከብ - ገለ ከኣ ብኣንጻሩ ዝኸውን ኣሎ።

ኣብ እዋን ቁጸራ ግዜኻ ምኽባር፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ግዜ ንዘለካ ንቕሓት ዝገልጽ እዩ። ኣብ ቁጸራ ንዘቖጸርካዮ ሰብ ክንደይ ደቒቕ ክትጸበዮ ኣለካ ዝኣዝዘ ሕጊ እኳ እንተዘይሃለወ፡ ግዜ ክቡር ብምዃኑ ካብ ርብዒ ሰዓት ዝሓልፍ ምጽባይ ግና፡ መተባብዒ ንደንገይቲ ክኸውን ስለ ዝኽእል ምጥንቃቕ የድሊ። ሎሚ ብሶላ ምፅባስ ዝቖጸርካዮ ሰብ እንተ ደንጊዩኻ፡ 'ሞባይል' ደዊልካ፡ 'ኣበይ ኣለኻ?" ክትብሎ ትኽእል ኢኻ፡ መቛጸርትኻ 'ኣይግድኡ' ምስ ዝኸውን ግና፡ "ኣብ ጥቓኻ ኣለኹ፡ ቀሪበ... በቃ መጺአ ክልተ ደቒቕ..." እናበለ ክልተ ሰዓታት ክጸብየካ ይኽእል እዩ። ኣይረድ እምበር ኣጸብዩ... ጸኒሑ'ውን፡ "ሃንደበት ንእሽተይ ስራሕ ኣጓኒፋትኒ ኣላ'ሞ ጸባሕዶ ንግበራ" ክብለካ'ውን ኣይዓጅቦን እዩ። ኣብ ቁጸራ ምድንጓይ፡ ናይ ዝቖጸርካዮ ሰብ ግዜኡ ምስራቕ እዩ፡ ገለን ከም ልማድ ወሲዶሞ ክድንጉዩ ከለዉ፡ ገለን ንዓኻ ቁጸርም ካልእ ስራሕ ዘሳልጡ እዮም። ኣብ ቁጸራ ኩሉ ነገር ኣወዚፍካ ኣብ ግዜኻ ምርካብ መግለጺ ክብረትካ እዩ፡ ተቛጸርምኻ ክሰዖም፡ ኣብ እዋን ቁጸራ ኪይነገሩኻ ዝተርፉን ፍጺሞም ከብሉኻ ዝውዕሉን ብዙሓት እዮም'ሞ - ዓንቡ።



## ኣማኑኤል ካንት

ብፍልስፍናታቶም ተዘኪሪ ስም ካብ ዘጥረዩ ፈላስፋታት ዓለምና ሓደ እዩ። ንፍልስፍናታቱ ግብራውያን ኣብ ምግባርም ጸዒሩ ተዓዊቱሎም ከኣ - ፈላስፋ ኣማኑኤል ካንት። ጀርመናዊ ፈላስፋ ኣማኑኤል ካንት፡ ብ22 ሚያዝያ 1724 ተወልደ።

ኣማኑኤል ካንት ኣብ ንእሱ ዕድመኡ ጊንጢ ባህሪ ነሮ። ብኡ ምኽንያት ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣዕሩኽ ይኹኑ መሓዙት ኣይነበርዎን። ኣማኑኤል ካንት ብናይ ቤት-መቕደስ ትምህርቲ'ዩ ዓይኒ ኣንቀሓ። ኸ ኣብቲ ቤት-መቕደስ ጀማሪ ተመሃራይ



ኣብ ዝበረሉ እዋን'ዩ ረቛቕቲ ሓሳባት ብቐሊሉ ክርዳእ ከም ዝኽእል ክፈልጥ ዝጀመረ። ኣብ ግዜኡ ምስ ሰድራ-ቤቱ ኣብ ዝዘራረበሉ እዋን ዝጥቀመሎም ዝበረ ኣበሃህላታትን ሓሳባትን ንወለዱ ክድንጽዎም ምስ ረኣዩ ድማ፡ ፍሉይነቱ በርሃሎ። ኣብ ኮለጅ ፍረደሪካም ብዝበሓሊ ኣእምሮኡን ናብ ፍልስፍና ብዝዘንበል ዕላላቱን ዝፍለጥ ዝበረ ካንት፡ ብሉጽ ዕዮታት እናዓየየ ትምህርቲ ኮለጅ ዛዘመ። ብድሕሪዚ ንዝለዓለ ትምህርቲ ናብ ኮኒግዝበርግ - ዩኒቨርሲቲ ሰገረ። ካንት ናብ ዩኒቨርሲቲ ኣትዩ ክመሃር ኣብ ዝጀመረሉ እዋን፡ ዓሰርተ ሽዱሽተ ዓመት መሊኡ ነበረ። ኑቲ ካብ እዋናት ንእስነቱ ኣትሒዙ ክመሃሮ ዝተመነዮ ዓውዲ ፍልስፍና ድሕሪ ምምራጽ ድማ፡ ብቐጥታ ውራይ ምርምራቱን ፍልስፍናታቱን ክዝውር ጀመረ።

ኣማኑኤል ካንት ኣብ ፈለማ ሚሳላዊ ፍልስፍና (ideal philosophy) እዩ ከጽንዕ ጀሚሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ካንት ዝጀመሮ ፍልስፍና ውዱቕ ፍልስፍና ተባሂሉ'ዩ ዝዝረበሉ ነይሩ። ንሱ ድሕሪ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቱ ኣብ ከበቢ ዓዱ መምህር ኮይኑ ክሰርሕ ጀመረ። ጉኒ ጉኒ ናይ መምህርና ሞያኡ ግን ናይ ፍልስፍና መጽናዕትታቱ እውን ኣየቋረጾን። ግዜን ህዋን (time and space) ብኣእምሮ ደቂ ሰብ ዝተሰርሑ'ዮም እምበር፡ ነባራውያን ወይ ተጨበጥቲ ኣይኮኑን ዝብል መረሕ ፍልስፍና ዝበሮ ካንት፡ ኣብ ዙረት ዓለም ኣመልኪቱ ብዝበሮ ኣስትሮኖሚካዊ መጽናዕቲ ወትሩ ይዝከር።

ኣብ 1754 ንሽልማት በርሊን ኣካዳሚ ኣዋርደስ ዘብቅያ'ውን፡ ዙረት ዓለም ኣመልኪቱ ዝበሮ ሓድሽ ምርምር'ዩ ነይሩ። ካንት ኣብ ምርምራቱ ሶላር ሰስተም፡ ካብ ብዝበሃል ጋዝ ዝቖመ ምዃኑ'ዩ ኣስፊሩ። ድሕሪ ኣብ በርሊን ዝረኸቦ ንስኡፍልጠታዊ ምርምራቱ ዝምጉስ ሽልማት ብርክት ዝበለ ፍልስፍናዊ ጽሑፋት ኣበርኪቱ። ኣብ 1762 "ዘ ፎልስ ሳብቲሊቲ ኦፍ ዘ ፎር ሰሎጃስቲክ ፊገርስ" ምስ ጸሓፈ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ድማ፡ ክልተ መጽሓፍቲ ወሰኸ። እተን "ዘ ኦንሊ ፖሲብል ኣርጉመንት ኢን ሳፖርት ኦፍ ዘ ደሞንስትረሽን ኦፍ ዘ ኤግዚስታንስ ኦፍ ጎድን ኢንኳይሪ ኮንሰርኒን ዘ ዲስቲንክትነስ ኦፍ ዘ ፕሪንሲፕልስ ኦፍ ዘ ፕሪንሲፕልስ ኦፍ ናቹራል ቴሎጂን" ዝበላ ክልተ መጽሓፍቱ፡ ንፍልስፍናታት 18 ዘመን ኣገደስቲ ጽሑፋት'የን ነይረን። ኣማኑኤል ካንት ዓበይቲ ናይቲ ዘቶደዶ መጽናዕትታትን ምርምራትን ኣብ 1770 ካብ ዩኒቨርሲቲ ኮኒግዝበርግ ናይ ፕሮፌሰር መዓርግ ረኸበ።

ፍልስፍና ኣእምሮ (philosophy of mind) እውን ኣማኑኤል ካንት ኣተኩሩ ካብ ዝጸሓፈሎም ክፍሊታት ፍልስፍና'ዩ። "ኣእምሮ ደቂ-ሰብ ጥርሑ ከም ዘሎ ገረወኛ ኣይኮነን። ዝመላእካዮ ክመልእ ዝኽእል'ውን ኣይኮነን። ኣእምሮ ደቂ-ሰብ ብባህሩ ተማሃሪን ነቓፍን'ዩ" ዝብል መጎት ዝበሮ ካንት፡ ዝበለጸ ስራሓቱ ድሕሪ ሓምሳ ዓመት ዕድመኡ ምንባሩ'ዩም ዝፍለጡ። ኣማኑኤል ካንት ካብ 1779 ክሳብ 1780 ኣብ ዝበሩ ዓመታት ንጡፍ ኣይነበረን። ዝኾነ ፍልስፍናዊ ጽሑፍ'ውን ኣየሕተመን። ኣብ 1781 ነታ ነዊሕ ዝደኸመላ መጽሓፉ "ክሪትክ ኦፍ ፒዩር ሪዝን" ዳግማይ ኣሑዲሱ ምስ ኣሕተማ ግን ከመቐጸበት ዝኸኣ ሰማይ ዓረገ። እታ መጽሓፍ ኣብ ታሪኽ ፍልስፍና ኣገዳሲት ቦታ ክትክውን'ውን ክኢላ'ያ። "ክሪትክ ኦፍ ፒዩር ሪዝን" ድሕሪ ምሕታሙ ስሙ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ዝበጸ ካንት፡ ዓመታት ጸዒርካ ብሉጽ ስራሓት ምፍራይ ከም ባህሊ ተኸተሎ። ኣብ 1784 ዝጸሓፋ 'ኣንሰር ቱ ዘ ኳሽሽን፡ ዋት ኢዝ ኢንላይትመንት' ምስ ዘርገሐ'ውን፡ ፍልስፍናታቱ ጸቡቕ ተቐባልነት ረኸበ። ኣማኑኤል ካንት ኣብ ዝቐጸላ ዓመታት ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ መጽሓፍቲ ኣበርኪቱ'ዩ። "መታፊዚካል ፋውንደሽን ኦፍ ናቹራል ሳይንስ"፡ 'ቴሎጂ ክሪትይክ ኦፍ ጃጅመንትን ዘ ኮንፍሊክት ኦፍ ፋካልቲስን' ገለ ካብተን መጽሓፍቱ እየን።

ኣብ ህይወቱ ብዝበሮ ዕቱብነትን ዲሲፕሊንን ዝዝከር ካንት፡ ግዜ ኣብ ምኽባር መወዳድርቲ ከም ዘይነበሮ'ዩ ዝዝንቶ። ብዙሓይሮ ሕማም ከኣ 1804 ዓረፈ።

## ጥቕሲታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ኩሉ ሰብ ኣብ ውሽጡ ጸቡቕ ዜና ኣለዎ። እቲ ጸቡቕ ዜና፡ ኩሉ ሰብ ማዕረ ክንደይ ዓቢ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ ማዕረ ክንደይ ከፍቅር ከም ዝኽእልን ዓቕሙ ማዕረ ክንደይ ሓያል ምዃኑን ዘይፈልጥ ምዃኑ እዩ።" - **ኣና ፍራንክ**
- "ዓርከ፡ እቲ ብዛዕባ ኩልንትናካ ኣዐርዩ ዝፈልጥን ዝያዳ እናፈተወካ ዝኸይድን ሰብ እዩ።" - **ኣልበርት ሃባርድ**
- "ነገራት ይቕየሩ፡ ኣዕርኽትካ ይርሕቁኻ . . . ህይወት ግን ትቕጽል።" - **ስቲፈን ቾብስኪ**
- "እቶም ንጥርጣረን ፍርሕን ብትብዓት ዝፍሽሉ ሰባት፡ ንስዕረት እውን የስዕርዎ'ዮም። ኩሉ ሓሳባቶም ምስቲ ኣብ ተስፋኦም ዘሎ ሓይሊ ስለ ዝተወሃሃደ ንኹሉ ሽግራቶም ብድፍረት በዳህም ብጥበብ የፍሽልዎ።" - **ጀምስ ኣለን**
- "ብርሃን ጸባሕ ክትርኢ እንተ ደሊኻ ንናይ ሎሚ ጸላም ሰገሮ።"- **ዘይተፈልጠ**

## ካፑቺኖ

ካፑቺኖ ዝብል ስም ጸባ ምስ ቡን ወይ ድማ ብኻልእ ኣዘራርባ ቡን ምስ ጸባ ዝጠዓሓ'ዩ። ካፑቺኖ ቀንዲ ማብቆሉ ኣብ




ዓዲ ጥልያን ክኸውን እንከሎ፡ ካፑቺኖ ዝብል ስም ካብቶም 'Copucino Friars' ዝበሃሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እናሃቡ ዝነብሩ ካህናት ዝተወሰደ'ዩ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፡ እቶም ናይቲ ግዜ እቲ ካህናት እቲ ሓሙዳዊ ዓይነት ጽግሮም ኣብ ማእከል ብምልጻይ ወሰን ወሰኑ ጸጉሪ ይገድፍሉ ብምንባሮም'ዩ። እቲ ናይ መጀምርታ ማሽን ናይ ካፑቺኖ ኣብ 1901 ብሉወጂ ባዜራ ኣብ ከተማ ሚላን ኢጣልያ ተማሂዙ። ብስፈሑ ኣብ መላእ ዓለም ዝቖጸለ ኩይኑ፡ ክሳብ ሎሚ ኣብ ባርን ካፈን ይርከብ ኣሎ። እዚ ኣብ ምሉእ ዓለም ፍትው ዝኾነ ካፑቺኖ። ኣብ ዓዲ ጥልያን ኣብ ግዜ ቁርስን ከባቢ ሰዓት ዓሰርተ ሓደ ቅድሚ ቐትሪን ከም ልሙድ ይወሰድ።

## ሰብኣይ ንሰበይቱ ከጉህያ እንከሎ. . .

ሓደ ሰብኣይ ኑቲ ክገብሮ ዝሓሰቦ መደባት ብዘይ ምትግባሩ ንሰበይቱ ኣብ ዘጉህየሉ ግዜ፡ ሰበይቱ ብሕርቃን "ከመይ ገይርካ ከምዚ ትገብር?" ወይ፡ "ኑቲ ክሰርሖ'የ ዝበልካዮ ነገር ስለምንታይ ክትሰርሖ ኣይከኣልካን?" ወይ፡ "ክገብሮ'የ ኢልካዶ ደኣ ኣይነበርካን?" ካብኡ ሓሊፉ'ውን "... ኣረ መዓስ ኢኻ ትመሃር?" ክትብሎ ትኽእል'ያ።

እዚ ኣበሃህላ'ዚ፡ ንዓኡ ዝህቦ መልእኽቲ - "ንዓይ ከተጉሂ ኢኻ ከምኡ ገይርካ። ንስኻ ሓደ ዘይትረብሕ ሰብ ኢኻ። ጸቡቕ ነገር ክትሰርሕ ዓቕሚ የብልካን። ስለ'ዚ ንስኻ ክሳብ ዘይተቐየርካ ኣነ ሕጉስቲ ክኸውን ኣይክእልን እየ" ዝብል ትርጉም ክህቦ ይኽእል እዩ። ክንዲ ዝኾነ ኑቡሱ ምክልኻል ክገብር'ዩ ዝመርጽ። "ደሓን ካልእ ግዜ ከመይ ከም ዝገብር ክትርእይኒ ኢኺ።" ወይ "ኣየናይ ኮይኑ እሞዚ! ሰቕ ኢልኪ ከኣ ኣይተካብድዮ" ወይ "እንታይ ማለትኪ'ዩ 'ሞ?" ብምባል ከኣ ይምልሰላ።

ንሳ ብወገና ንእትሰምዖ መልሲ፡ "እንተ ሓሪቐኪ ናትኪ ጉዳይ'ዩ። ዝያዳ ተዓጻጻፊት ክትከኒ ኣለኪ። እንተ ዘይኮነ ዝጭንቀሉ ምኽንያት የብለይን።" ዝብል ትርጉም'ያ ትህቦ። ኣብ ክንዳኡ ግን ልዝብ ኢላ "ከምኡ ክትገብር ከለኻ ሕማቕ'ዩ ዝስመዓኒ። ብውሕዱ ተሌፎን ክትድውለለይ ተጸብየካ ነይረ። ብዘኾነ ደሓን ምዃን'ዩ እቲ ዝዓበየ። ንብድሕሪ ሕጂ ግን ከየሰለጠካ ክተርፍ ከሎ እንታይ ከም ዝኸሰመ ክትርደኣለይ እየ ዝደሊ።" እንተ ትምልሰሉ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ጸቡቕ ምርድዳእ ምተፈጥረ። ንዓኣ እውን ፍኹስ ምኾኖ።

ንሱ ብወገኑ ሰበይቱ ሓሪቓ ክትጸንሖ እንከላ፡ "ክሳብ ክንደይ ከም ዘጉሃኹኺ ይርደኣኒ'ዩ። ንዒ እስከ ንላዘብ። ህድእ ኢልኪ እቲ ዝሰማዓኪ ግለጽለይ።" ብምባል ዝያዳ ንኽትዛረብ ዕድል ክህባ ይግባእ። እዚ ድማ ተሰማዕነት ከም ዝረኸበት'ዩ ዝገብራ። ቀሩብ ጸንሒ ኢሉ ድማ፡ "ሕጂ ካብይ ዘድልየኪ ነገራት ብግሁዲ ንገርኒ። ክሕግዘኪ ዝከኣለኒ ኩሉ ክገብር'የ።" ብምባል ድሌታታ ከ ተ ተ ን ብ ህ ክዕድማ ኣለዎ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሰናይት ኣብርሃም ተኽለ ምግል ተረፉ፡ ሶግራ ኣብርሃም ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 5 መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ።

ተኽለት መንግስተኣብ መንደር ምግል ተረፉ፡ ተኽልዝጊ መንግስተኣብ መንደር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓናን ዑመር ሰዒድ ምግል ተረፉ፡ ሓናን ዑመር ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ተመናይ

ወ/ሮ ለምለም ተስፋይ ጸጉ፡ ሓፍተይ ጽርሃ ተስፋይ ጸጉ ስለዝዋረረት፡ ብዚወት ከላ ኣብ ማይ ተመናይ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ናይ ውልቂ ንብረታ 4 ክፍሊ 2 ክሽነ ሓደ ዓይኒ ምድሪ ዘሎዎ ብውህብቶ ዝገደፈትለይ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ኣረጋሽ ተኽሉ፡ በዓል ቤተይ ሃይለማርያም ካሕሳይ ጉብረመድህን ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ ኣብ ናይ ቀዳም 20 ሚያዝያ 2023 መበል 32 ዓመት ቁ.225 ኣብ ገጽ 10 ተሓቲሙ ኣብ ዝወጸ ብስወእ ተመዝጊቡ ስለዘሎ፡ በዚ ይተኣረመልና።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ከሳሲ ኣቶ ሰሌማን ዓብደልዓዚዝ ሰይድ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሚሓመድ ዑስማን ሓሰን፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ተኸሳሲ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡ እንተዘይቀረበ፡ ጉዳዩ ኣብ ዘየለወሉ ክርአ ምዃኑ ፍልጥ።

ኣቶ ኢሳቕ ተኽለ ኪዳን ER መ.ቀ 0643547 - ዝኾነት ናብ ስም ምትሕልላፍ ማኪና ወ/ሮ የርዳኖስ ፍስሃ ጉይትኦም ብዕለት 1-5-2015 ዝተገበረ ውዕል መሸጣ ማኪና ER.1 30222 ናይ ሕጂ ERI-C4815- ቻሲ SBIt-ZBMLO-OE 82177 ማኪና ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ፍልጢ።

ጽገረዳ ምሕረትኣብ ወልደየሱስ፡ ኣደይ ግደይ ስለ ዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ፓራዲዞ

ወ/ሮ ሃይማኖት ገብረእግዚኣብሄር ኣወዓለም፡ ኣሞና ልኡል ኣወዓለም ተስፉ ስለዝዋረረት፡ ወላዲ ስለዘይብሉ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን 23 ተተኻእቲ ደቂኣሞይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መርሓኖ

ኣቶ ዓንደማርያም ኣብርሃም ኪዳነ፡ ኣቦይ ኣብርሃም ኪዳነ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ተተኻእቲ 2 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ጀሚላ ኣሕመድ ኣደም፡ ተኸሳሲት ሓረጉ ሃይሉ፡ ናይ እተኻረኽዮ ገዛ ዕዳ ክራይ ክለኪ፡ ዓዲኽያ ኣድራሻኺ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ፍልጢ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

1.ኤደን መንግስ ገረብርሃን 2.ሳይሞን መንግስ ገረብርሃን ምግል ተረፉ፡ 1.ኤደን ነጋሲ ተወልደ 2.ሳይሞን ነጋሲ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ዓና በርህ ተስፋጽዮን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተማስገን ግርማይ ተስፋጼን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ትሕቲ ዕድመ ሰዒድ ዓብደልዋሰዕ መሓመድሰዒድ ምግል ተረፉ፡ ኣወልኪር መሓመድሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓረዛ

ተማ/መርሃዊ የዕበዮ ገሊዩ ምግል ተረፉ፡ ሚሮን የዕበዮ ገሊዩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን12/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ነጃት ኢብራሂም ኣደም፡ ኣደይ ኣበረሀት ገ/ክረስቶስ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሓድሽ ዓዲ

ወ/ሮ ወለላ ኣብርሃ፡ ወደይ ግዴኦም ግርማጼን በርሀ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ኣዲኡ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ኤደን የውሃንስ ዘርኦሱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፍጹም ሰዩም ሃይሉ፡ በዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍልጥ።

ወ/ሮ ርሻን ኣስመላሽ ኪዳነ፡ በዓል ቤተይ ደብሳይ ቀሺ ጉብረእግዚኣብሄር ስለዝዋረረ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 7 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ሰንዓፈ

ለተንስኤ ጉብረዝግኣብሄር መሳ ምግል ተረፉ፡ ለተንስኤ ጉብረእዝግኣብሄር ሞሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ርግበ ዓብለል ምግል ተረፉ፡ እየሩሳሌም ዓብለል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍርወይኒ ህበለ ተኣ፡ ትሕቲ ዕድመ ሬድዋን የሱፍ ምግል ተረፉ፡ ሂ. የሱፍ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጽገወይኒ ጉብረእየሱስ ምግል ተረፉ፡ ጽገወይኒ ጉብረሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ኣቶ ጉብረይ ተኽለሃይማኖት በርኺ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ብርኽቲ ቴድሮስ ንዓኺ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ባዕልኺ ወይ ብሕጋዊ ወኪልኪ ን11/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ፍልጢ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ወ/ሮ ትርሓስ ግርማይ ተወልደ፡ በዓል ቤተይ ሃብተሚካኤል ኣሰፋው ሃይሉ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓሊ.ግደር

ፋጥና ዑስማን፡ በዓል ቤተይ ዓብደላ እድሪስ መሓመድ ዓሊ ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 1 ጓለይ ወረሰቲ ምዃነይ ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ሸለብ ሰዋ ዓዲ ዑመር ተሰነይ

መኣዛ በርህ ጉብረመድህን፡ በዓል ቤተይ ሃይለ በርህ በራኺ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ከሳሲት ወ/ሮ ወጋሕታ ተከኤ ሰራይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ቢንያም ዑቕባሚካኤል ዘርኣይ፡ በዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍልጥ።

## ምስጋና



ብሞት ኣዚና እነፍቅሮ ወላዲና ኣቶ መርሃጽዮን ኪዳነ ሃይለ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ኣብ ኣመሪካ ሆስፒታል ብምብጻሕ፡ ዓዲ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ዓዲ ብምምልላስን ኣብ ወሸጥን ወጻእን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ካህናት፡ ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ምሉኣት ስድራቤት።

## ምስጋና



ብዕረፍቲ (ሞት) ፈቃርን ለዋህን ዝኾነት ክብርቲ በዓልቲቤተይ ወ/ሮ ኤልሳ ተኽሉብርሃን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኑቶም ናይ ሓዘንና ተኻፈልቲ ዝኾንኩም ተቐማጦ ጀርመን ብፍላይ ከተማ ድዝልደርፍን (Dues-seldorf) ከበባኣን ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳን፡ ሬሳ ኣብ ምፍናው ዝተሓባበርኩምናን ኣብ ኣስመራ ሬሳ ዝተቐበልኩምን ቤተሰብን ፈተውትን ወሉድ ክህንኩ ኮማዮገ። ኣብ ዓዲ ዜኑ ዘቃበርኩምናን ኣብ መላእ ዓለም ብምድዋልን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋና ነቕርብ።

በዓል ቤታ መልኣኩብርሃን የሃንስ
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን

ኣቶ ኑርሑሴን ኣማን በሽር፡ ኣብ ዞባ ማእከል ዞባ 2 ምም/06 ነበር ፕሎት 32 ፓርሰል 1 ዝርከብ፡ ብቁ.መዝገብ 46677/72168 ዝፍለጥ፡ ብቤት ፍርዲ ሽሪዓ ዞባ ማእከል ውሳነ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ኣካል መአገዲ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ኑርሑሴን ኣማን በሽር

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ገጀረት ምም/ከበ. ኣልጌን ጎደና 177-5 ፕሎት 14 ፓርሰል ዞን ASP 00019467 ፓርሰል L ስፍሓት 487.8 ት/ሜ፡ ብቑ. መለለዩ 1:012014/1 ብስም ነ/ሄር ኣመታይ ባህታ የጊን ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብውርሻ ዝረኸብኩዎ፡ ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኳይሩ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስትራን ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ይቕረብ። እንተዘይቀረበ፡ ብዘሎ መተኣማመኒ ጉዳዩ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ርግኣት ኣፈወርቂ ኣጽብሃ

ብስም ሳልሕ ኢድሪስ ዕመር፡ ኣብ ከበ. ማ/ከተማ ዚፕ 1A176 ፕሎት 52T ፓርሰል A ጎደና 176-21 መለለዩ ቁጽሪት 1BRASMO16857 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ብመሸጣ ናብ ደሃብ ክብሮም ጉብረማስቀል ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን መአገዲ የቕርብ።

ደሃብ ክብሮም ጉብረማስቀል

ብስም ወላዲና ነፍ/ኢድሪስ ዑመር ኣሕመድ ከኪያ፡ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብሞዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 1,100102 2,100103 3,100104 4.100105 5,100106 6,100107 7,100108 8,100109 9,200365 10,200366 ኦርጂናል ስለዝጠፈኣና፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣሎኹ ዝበል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07116690 ወይ 20-00-43 ብምድዋል ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ክሕበረና፣ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ክወሃበና ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ሳልሕ ኢድሪስ ዑመር

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ሻምፕዮን ኤርትራ 2023

መበል 13 ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ካብ 23 ክሳብ 25 ሰነ ኣብ ከተማ ኣስመራ ክካየድ ምዃኑ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ሓቢሩ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ሻምፕዮን ኤርትራ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ምድባት ዝወዳደሩ ኣስታት 250 ተቐዳደምቲ ከም




ዝኾተፉ ዝገለጸ እቲ ፌደረሽን፡ ሎሚ ዓርቢ 23 ሰነ ናይ ግዜ ውድድር፣ ሰንበት 25 ሰነ ከኣ ናይ ጽርግያ ውድድር ከም ዝካየድ ኣፍሊጡ።

ኣብ ከባቢ ማይ-ድምኑት ኣብ ዝካየድ ናይ ግዜ ውድድር፡ ጁንየር ደቂ ኣንስትዮ 15 ኪሎሜተር፡ ኤሊት ደቂ ኣንስትዮን ጁንየር ደቂ ተባዕትዮን 18 ኪሎሜተር፡ ኤሊትን ትሕቲ 23 ዓመትን ደቂ ተባዕትዮ ከኣ 36 ኪሎሜተር ከም ዝሸፍኑ ብዝወሃኸ ኣረዲኡ።

ሰንበት ዝካየድ ናይ ጽርግያ ውድድር ድማ፡ ሓደ ዙርያ 10.2 ኪሎ-ሜተር ከም ዝሸፍን፡ ብድምር ከኣ ዓበይትን ትሕቲ 23 ዓመትን ተወዳደርቲ 173.4 ኪሎ ሜተር ከም ዝጕዓዙ'ውን ኣብሪሁ።

ብዘካዚ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ኣብዚ ኣብ ሃገርና ዝዳለው ዝኾነ ውድድር ብሽክለታ፡ 14 ፕሮፈሽናል ተቐዳደምቲ ከም ዝወዳደሩ ብምሕባር፡ ንፈለማ ግዜ ብጔል-ኣንስተይቲ ኮሚሽነር ሚሪያም ሃብታይ ከም ዝጽለ ገሊጹ። እዚ ውድድር ብኹሉ ሸነኻቱ ዕውት ንክኸውን ኩሉ ምድላዋት ከም እተጻፈፈ፣ ናይ ጽርግያ ውድድር ድማ ሰዓት 7:30 ንግሆ ከም ዝጀምር ብምሕባር፡ ንድሕነት ተቐዳደምቲ - ኩሉ ኣፍቃሪ ስፖርት ጥንቃቐ ክዘውትር ተማሕጺኑ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ውድድር ክሮኖሜተር በኒያም ግርማይ፣ ኣብ ናይ ጽርግያ ውድድር ከኣ ኦሎምፒኣዊ ኣትሌት መርሃዊ ቅዱስ ከም እተዓወቱ ዝዝከር'ዩ። ውድድር ክሮኖሜተር ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብዝተፈልየ ኣብ ከባቢ ማይ ደምኑት ክካየድ'ዩ ተወሲኑ ዘሎ። ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ፡ ናይ ግዜ ውድድር ካብ ከባቢ መቓብር ሓርበኛታት ናብ ማይደምኑት ክቕየር ዝተወሰነሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ጸዕቂ ተሽከርከርትን ጸዕቂ ሰብን ብምውጋድ ድሕነት ተቐዳደምቲ ንምሕላው ምዃኑ'ዩ ዘብርሀ። ዝሓለፈ ዓመት ተቐዳዳማይ በልጅማዊት ክሉብ

ኢንተር ማርሼ በኒያም ግርማይ ን336 ኪሎ ሜተር ኣብ ሰዓት ኣስታት 49.5 ኪሎሜተር እናረገጸ ብ43 ደቒቕን 36 ካልኢትን ብምዝዛም ተሸላሚ ወርቂ መዳልያ ከም ዝኾነ ይዝከር። ኦሎምፒኣዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱስ ካብ በኒያም 16 ካልኢት ብምድሓር ብሩር መዳልያ ክወስድ ከሎ፡ ኦሎምፒኣዊ ኣትሌት ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር ከኣ 28 ካልኢት ደንጕዩ ነሓስ መዳልያ ወሲዱ ነይሩ።

ብመሰረት ካብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ተቐዳዳማይ በኒያም ግርማይ ከም ዘይወዳደር ተረጋጊጹ ኣሎ። በኒያም ዝመጽእ 1 ሓምለ ኣብ መበል 110 ቱር ዲ ፍራንስ ክወዳደር ብምዃኑ'ዩ ብጸበበ ግዜ ብፍቓድ ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ካብ ሻምፕዮን ኤርትራ ዝበኮረ ዘሎ። ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ምስቲ ተቐዳዳማይን ምስ ክሉብ ኢንተር ማርሼን ድሕሪ ዝገበሮ ምርድዳእ'ዩ እቲ ምኽንያት ቅቡል ኮይኑ ስለ ዝረኸቦ ዚ ውሳነ ሂቡ።

በዚ መሰረት፡ ሎሚ ዓርቢ ድሕሪ ኩሉም ተቐዳደምቲ ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ኣመራጺት ክሉብ ኢኤፍ ኢዱኬሽን ኦሎምፒኣዊ መርሃዊ ቅዱስ እዩ ክኸውን። ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ናይ ግዜ ብሩር መዳልያ ኣብ ናይ ጽርግያ ከኣ ወርቂ መዳልያ ዝወሰደ ኦሎምፒኣዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱስ ኣብዚ ዓመት ኣብ ክልተኡ ውድድራት ክዕወት ልዑል ትጽቢት ካብ ዝግበረሎም ተቐዳደምቲ ሓደ'ዩ። እዚ ተቐዳዳማይ፡ ኣብ 2021 እውን ብተመሳሳሊ ሓንቲ ወርቅን ሓንቲ ብሩርን ናይ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣብ ክሳዱ የእትዩ እዩ። ንሱ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር ን336 ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት 49.84 ኪሎሜተር እናረገጸ ብ43 ደቒቕን 20 ካልኢትን ብምውዳእ'ዩ ዝቐልጠፈ ተቐዳዳማይ ክኸውን ክኢሉ። ስለዚ ሎሚ ረፋድ ካብ ተጠመትቲ ተቐዳደምቲ ከም ዝኾነን ዘማትእ የብሉን። ኦሎምፒኣዊ ተቐዳዳማይ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር ኣብ 2019 ንተሰፍም ዑቕባይን መርሃዊ ቅዱስን ኣኸቲሉ ዕውት ናይ ውድድር ሻምፕዮን




ኤርትራ ኮይኑ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

ኣብ ናይ ግዜ ውድድር ካልእ ተጠማቲ ዝኾነ ተቐዳዳማይ፡ ኦሎምፒኣዊ ተቐዳዳማይ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር እዩ። እዚ ተቐዳዳማይ፡ ዝሓለፈ ዓመት ካብ በኒያም 28 ካልኢት ካብ መርሃዊ ከኣ 12 ካልኢት ድሒሩ'ዩ ኣብ ሰዓት 49.01 ኪሎሜተር እናረገጸ ተሸላሚ ነሓስ መዳልያ ኮይኑ። 7 ነሓሰ 1994 ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዝተወልደ ኦሎምፒኣዊ ተቐዳዳማይ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ጂሮ ዲ ኢጣሊያ መሳጢ ብቕዓት ከም ዘርኣየን ኣብዚ እዋን ከኣ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከም ዘሎ'ንዩ ዝእመተሉ። እዚ 68 ኪሎግራም ክብደት 1.87 ሰንቲ ሜተር ቁመት ዘውንን ተቐዳዳማይ፡ ኣብ ራብዓይ መድረኽ ጂሮ ዲ ኢጣሊያ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝሓዞ ናይ ሻዱሻይ ደረጃ፡ ብሉጽ ተቐዳዳማይ ናይቲ መድረኽ ኮይኑ'ውን ክሸለም በቒዑ'ዩ። በዚ ኸኣ ካብ ኦሎምፒኣዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱስ ክልተ ደቒቕ ድሒሩ ብምብጻሕ ፍሉይ ታሪኽ ክሰርሕ ከም ዝኽእል ዝገምቱ ውሑዳት ኣይነበሩን።

ዝሓለፈ ዓመት ድሕሪ ኦሎምፒኣዊ ተቐዳዳማይ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር ራብዓይ ተርታ ብምሓዝ ንኽላ ካብ ፖድዩም ዝምለጠ ተቐዳዳማይ ኢጣሊያዊት ክሉብ ግሪን ፕሮጀክት ባርዲያኒ ሄናክ ምሉብርሃን እዩ። እዚ ወዲ 23 ዓመት ተቐዳዳማይ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድራት ብሉጽ ወጽኢት ከመዝግብ ከም ዝኸኣለ ይፍለጥ። ንሱ ኣብቲ ኣብ ጋና ዝተኻየደ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ፡ ኣብ ናይ ጽርግያ ውድድር ዘውዲ ሻምፕዮን ክደፍእ ከሎ፡ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር ከኣ ተሸላሚ ነሓስ መዳልያ ክኸውን በቒዑ'ዩ። ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ጂሮ ዲ ኢጣሊያ ንልዕሊ 1,000 ኪሎሜተር ድሕሪ ምጕዓዙ ካብ 125 ተቐዳደምቲ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር መበል 74 ደረጃ ዝሓዘ ሄናክ፡ ሓደት መዓልታት ጸኒሑ ኣብ ጂሮ ደል ኣፐኒኖ ንዓባይ ጉጅለ ረቲዑ ነሓስ መዳልያ ከም እተሸለመ ሰዓት ቅድድም ብሽክለታ የረድኣ። ስለዚ ሎሚ ዓመት ምስ ህሉው ቀመናኡ ኣብ መድረኽ ዘይድይቡሉ ኣቡት ኣይረኣየን።

ከም ኣኽሊሉ ኣረፋይነ ጴጥሮስ መንግስትን ሚልኪያስ ቅዱስን ዝኣመሰሉ መንእሰያት ተቐዳደምቲ እውን ምስኖም ዓበይቲ ተቐዳደምቲ ኮይኖም ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ሓያል ቅልስ ከም ዘካይዱ ርዱእ'ዩ። ዝሓለፈ ዓመት ተቐዳዳማይ ክሉብ ኤሪ ቴል ጴጥሮስ መንግስ እዩ ን336 ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት 47.2 ኪሎ ሜተር እናተጓዕዘ ብ45 ደቒቕን 38 ካልኢትን ብምውዳእ ወርቂ መዳልያ




ተሸሊሙ። እዚ ተቐዳዳማይ፡ ኣብ 2021 እውን ብተመሳሳሊ ዝቐልጠፈ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ተቐዳዳማይ ኮይኑ ጸወታኡ ክውድእ ክኢሉ'ዩ።

እዚ ተቐዳዳማይ፡ ካብቲ ምስ መጋቢት ክሉብ ኢንተር ማርሼ ዝኾነት ጋንታ ተጸንቢሩ ብሉጽ ብቕዓት ዘርኣየ ዘሎ ኣኽሊሉ ኣረፋይነ ከበድ ብደሆ ከጋጥሞ ምዃኑ'ዩ ዝእመን። ኣኽሊሉ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ ተሸላሚ ብሩር መዳልያ ኮይኑ ምንባሩ ይዝከር። ወዲ 19 ዓመት ኣኽሊሉ ኣረፋይነ፡ ዝሓለፈ ዓመት ናይ ጁንየር

ተቐዳዳማይ ኣብ ዝበረሉ'ውን ኣብ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃን ኣብ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራን ወርቂ መዳልያ ዓቲሩ ከም ዝበረ ኣይርሳዕን። ስለዚ ኣብ መንጎ እዞም ተቐዳደምቲ ዝህሉ ቅልስ ገና ብኣግኡ ኣቓልቦ ስሒቡ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕበር። ኣብ 2021 ናይ ጁንየር ዝቐልጠፈ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ዝተሰምየ ሚልኪያስ ቅዱስ እውን ቀሊል ኮይኑ ኣይክቐርብን'ዩ።

ብሓፈሻ ብብምድቦም ንዝዕወቱ ተቐዳደምቲ ሻምፕዮን ኤርትራ፡ ኣስታት 136 ሽሕ ናቕፋ ናይ ገንዘብ ሽልማት ተዳልዩሎም ኣሎ። ሰንበት 25 ሰነ ዝካየድ ናይ ጽርግያ ውድድር ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ከኣ ብኣገልግሎት ቴለቪዥን ኤርትራን ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራን ብቐጥታ ክፍኖ'ዩ።

## ኤርምያስ ተወልደ ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኮይኑ




ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ንኣሰልጣኒ ኤርምያስ ተወልደ ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ክኸውን ከም ዝመዘዞ ኣፍሊጡ። በዚ ኸኣ፡ እዚ ኣሰልጣኒ ኣብቲ ዝመጽእ ወርሒ ኣብ ኢትዮጵያ ዝካየድ ውድድር ሴካፋ ትሕቲ 23 ዓመት ፈላሚ ስርሑ ከም ዝካይድ ተሓቢሩ ኣሎ። ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ትማሊ ሓሙስ 22 ሰነ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ንማዕከናት ዜና ወሽጢ ሃገር ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ'ዩ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ከም ዝመዘዘ ገሊጹ። ኣብቲ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ ሰከይፍ ኤርትራ ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት፡ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣብ 2019 ኣብ ኡጋንዳ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ሴካፋ ተሸላሚት ብሩር መዳልያ ኮይና ምንባራ ብምዝካር፡ ኣብዚ ውድድር ጝለዋ ጽቡቕ ስም ንምዕቃብ ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ኣሰልጣኒ ኤርሚያስ ተወልደ ኩሉ ዝከኣሎ ከም እትገብር ኣብሪሁ። ምስ ብድሆታት ኮቪድ 19 ተኣሳሲሩ እዚ ንኺጋስ ከምቲ ዝድለ ከም ዘይከደ ዝሓበረ ኣቶ ጳውሎስ፡ ኣፍቃርቲ ስፖርት ነዛ ሓዳሽ ሃገራዊት ጋንታ ሞራላዊ ደገፍ ክንብሩላ ተማሕጺኑ።

ሓድሽ ኣሰልጣኒ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ኤርምያስ ተወልደ (ቲኬ) ብወገኑ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣብ'ዚ ዓቢ ስራሕ ክማዛ ብምኽኣሉ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ተሰኪሙዎ ዘሎ ሓላፍነት ዓቢ ከም ምዃኑ መጠን ኣብ'ዚ ሓላፍነት'ዚ ናብ ሽቶ ንምብጻሕ ኣበርቲዑ ከም ዝሰርሕን፡ በቲ ኣብ ክሉብ ቀይሕ ባሕሪ ዝሰርሖ ናይ ዓወት ተመኩሮኡ ተሓጊዙ ኣብ ውድድራት ሴካፋ 2023 ዓ.ቢ. ታሪኽ ንክሰርሕ ድሉው ምዃኑን ኣረጋጊጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ካብ ዝመጽእ 2 ሓምለ ጀሚሩ ብክልተኡ ጾታ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ሃገራዊ ውድድር ኣብ ከተማ ኣስመራ ክካየድ ምዃኑ'ውን ኣፍሊጡ ኣሎ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ህ.ሪ.ቻይና - ብሓደጋ ባርዕ ልዕሊ 30 ሰብ ሞይቶም

ኣብ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ኣብ ሓደ ቤት-መግቢ ናይ ጋዝ ዕትሮ ድሕሪ ምንታጉ ብዘተፈጥረ ባርዕ፡ ብውሑዱ 31 ሰባት ከምዝሞቱ ተገሊጹ።

እቲ ኣብ ርእሰከተማ ርእሰ ምምሕዳር ኒንግክስያ ሁይ ኣብ ዝርከብ ጽዑቕ ምንቅስቓስ ናይ ህዝቢ ዝረኣየሉ ጎደናታት፡ ብዙሓት ሰባት ናይ ድራጎን ፈስቲቫል ንምኽያድ ተኣኪቦም ኣብ ዝነበሩሉ ኣጋጣሚ ከምዝተኸስተ፡ ኣገልግሎት ዜና ሺንህዋ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ 7 ካልኦት በቲ ሓደጋ ኣካላዊ ጉድኣት ወሪድዎም ብምህላው፡ ቀጽሪ ምውታት ክዛይድ ተሰጊኡ ከምዝሎ እቲ ኣገልግሎት ዜና ወሲኹ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂን ፒንግ ኣብ ዘሎ መግለጺ፡ ኣብ ከንክን እቶም በቲ ባርዕ ዝቖሰሉ ሰባት ልዑል ርብርብ ክግበርን ኣብ ምሕያል ድሕነት ስጉምቲ ክውሰድን ኣተሓሳሰበ።

ፕረዚደንት ሺ ወሲኹ፡ ጠንቂ እቲ ሓደጋ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክጻረን ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ድማ ብመሰረት ሕጊ'ታ ሃገር ንጥፈታተን ክከይዳን ኣዘኻኺሩ።



ኣፈናዊ መርመራታት ክፍሊ መጥፋእቲ ሓዊ'ታ ሃገር ከምዝሓበሮ፡ ቅድሚ ሓደ ሰዓት ናይቲ ባርዕ ካብቲ ዕትሮ ዝለሓኾ ጋዝ ኣብቲ ከባቢ ይጨኑ ነይሩ።

በቲ ኑትጉ ዝተፈጥረ ባርዕ ንምጥፋእ ሓያሎ ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ ኣብቲ ቦታ ከም እተረኽቡን ነቲ ባርዕ ከም እተቖጻጸርዎን ካብቲ ቦታ ዝተፈነወ ዜና ኣቃሊሑ።

ኣብ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ብኑትጉ ጋዝን ከምኡ'ውን ዝስዕብ ሓደጋታት ንምግታእ - ቀጻሊ ጻዕራታት ከምዝካየድ እዩ ዝግለጽ።

## ሩስያ፡ ወተሃደራዊ ዓቕማ ከተሐይል ምኳና ገሊጻ

ሩስያ፡ ግዳማዊ ተጻብኦታት ንምምካት፡ ወተሃደራዊ ዓቕማ ንምሕያል ቀዳምነት ሂባ ክትሰርሓሉ ምኳና፡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ገሊጹ።

ፕረዚደንት ፑቲን ዝሓለፈ ረቡዕ ንወተሃደራውያን ክኢላታት ሃገሩ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ከም ኣካል'ቲ መደብ ሓይልታት ባሕሪ ኣየርን መሬትን ሩስያ፡ ልዕሊ ፍጥነት ድምጺ ዝውንጨፍ ሚሳይላት ክዕጠቑ ምኳኖም ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሰራዊት ሩስያ ዝተራቐቐ ስርዓት-መከላኸሊ ሚሳይላት ክዕጠቕ ከምዝኾነ'ውን ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ሓቢሩ።



ፕረዚደንት ፑቲን ኣብ መግለጺኡ፡ ኣጸዋር ጥራይ ዘይኮኑ፡ ሰራዊት'ውን ብዓይነትን ብዝሒን ንምዕባይ ካብ ቀዳምነታት ሩስያ ምኳኑ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ንሩስያ ብቐጥታ ናይ ምጥቃዕ መደብ ከምዘለዎ ዝገለጸ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ሰርጌይ ላቭሮቭ ብወገኑ፡ ሃገሩ ወተሃደራዊ ምድላዋታ ከተጻፍፍ እዋኑ ምኳኑ ኣቐዲሙ ገሊጹ ምንባሩ ይዝከር።

ኔቶ፡ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ንሩስያ ኣብ ወተሃደራዊ ከበባ ንምእታው ክካየዶ ዝጸንሐ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ፡ ኩናት ዩክሬን ንኽነውሖ ዓቢ ተራ ከምዘተጻወተ ክግለጽ ጸኒሑ እዩ።

## ኣብ መክሲኮ ጥንታዊት ከተማ ተረኺባ

ኣብ ጫካታት ደብባዊ ክፋል መክሲኮ፡ ጥንታዊት ከተማ ስልጣነ 'ማያ' ከምእተረኽበት፡ ትካል ተመራመርቲ ስነ-ሰብ እታ ሃገር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

እቲ ትካል ወሲኹ፡ እታ ጥንታዊት ከተማ ቅድሚ ልዕሊ ሽሕ ዓመት ኣገዳሲት ማእከል ነይራ ክትከውን ከምእትኽእል ገሊጹ።

እታ ከተማ፡ 15 ሜትሮ ቁመት ዘለዎም ዓበይቲ ሃረምት ዝመስሉ ህንጻታት፡ ኣእማን ሰለስተ ማእከላት ዕዳጋን ካልኦት መዋቕራትን ከምእተጠቓልል፡ እቲ ትካል ወሲኹ ኣረዲኡ።

እቲ ትካል ኣብ ሓበሬታኡ፡ እታ 'ኦኮምቱን' ዝተባህለት ከተማ፡ ኣብ መንጎ 250 ክሳብ 1000 ዓም ኣብ ዝነበረ እዋን ኣብ ሓውሲ ደሴት ዩካታን ኣዝያ ኣገዳሲት ማእከል ምንባራ ይገልጽ።

እቲ ብዝለዓለ ናይ ሕሳብ ኣቀጻጽራኡ ዝፍለጥ ስልጣነ ማያ፡ ንደብባዊ ምብራቕ ሜክሲኮን ንገለ ክፋል ማእከላይ ኣመሪካን ዝሸፍን ምንባሩ ይፍለጥ።

ብመሰረት ኣብቲ ቦታ ዝተረኽበ ጥንታዊ ኣሰራት፡ እታ ከተማ ካብ 800 ክሳብ 1000 ዓም ኣብ ዝነበረ እዋን ብዘምዕበለ ኣተሓሳስባን እናዓበየ ብዝመጸ ብዝሒ ህዝብን ዓንያ ክትከውን ከምእትኽእል ዝገለጹ እቶም ተመራመርቲ፡ እዚ ኣብ ምጥፋእ እቲ ሕብረተሰብ ዓቢ ተራ ከምዝነበሮ የረድኡ።

እታ ከተማ፡ ኣብ ዝሓለፈ 3 ኣዋርሕ ብሓገዝ 'ኤር ለዘር ማፒንግ' ዝተባህለ ቴክኖሎጂ ኣብ ዝተኻየደ ዳህሳስ እያ ክትርከብ ክኢላ።



## ካዛኺስታን - ልኡላውነት ሶርያ ክኽበር ዝጠልብ ዋዕላ ተቓኒዑ

ኣብ ካዛኪስታን ኣብ ዝተኻየደ ኣህጉራዊ ዋዕላ፡ ልኡላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ሶርያ ክኽበር ከምዝተጸውዐ ተገሊጹ።

ኣቢ'ቲ ሩሲያ፡ ቱርኪን ኢራንን ብሓባር ዝወደብኦ መበል 20 ዙርያ ኣህጉራዊ ዋዕላ፡ ተሳተፍቲ ጉዳይ ሶርያ ብዘተ ጥራይ ከምዝዕረፍ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ'ታ ሃገር ዝግበር ዘሎ ግዳማዊ ወተሃደራዊ ምትእትታው ከብቅዕ ጸውዒት ኣቕሪቦም።

ካብ 2017 ብጉዳይ ሶርያ ኣብ ኣስታና ርእሰከተማ ካዛኪስታን ዝተኻየደ መበል 19 ዙርያ ዋዕላ፡ ዝጥቀስ ወጽኢት ከምዘይሃበ ጸብጻባት የረድኡ።

በዚ ድማ፡ እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ኣህጉራዊ ዋዕላ'ውን ሰናብተኛዊ ፍታሕ ከምጻእ ከምዘይክእል፡ ብኣግኡ ይእመት።

ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ዚ ካብ 2011 ኣትሒዙ ኣብ ሶርያ ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታውን ወተሃደራውን ቅልውላው፡ ረብሓታት ዝመንቀሊኡ ምትእትታው ኣመሪካን ካልኦት ሃገራት ምዕራብን ምኳኑ ይጥቀስ።




ብዘይ ፍቓድ መንግስቲ ሶርያ ካብ 2014 ኣትሒዙ ኣብ'ታ ሃገር ወተሃደራዊ ምትእትታው ተካይድ ዘላ ኣመሪካ፡ ጸጋታት ነዳዲ ኣብ ምዝማት ተዋፊራ ከምዘላ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ይሕብሩ።

ብሰንኪ'ቲ ግዳማዊ ምትእትታው፡ ሶርያ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመት ካብ ጸላት ነዳዲ ክትረኽቦ ዝግብኣ ዝነበረ ልዕሊ 100 ቢልዮን ዶላር ከምዝሰኣነቶ፡ ጸብጻባት የረድኡ።

ግዳማዊ ወተሃደራዊ ምትእትታው፡ ኣብ ሶርያ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኣብ ሓያሎ ካልኦት ሃገራት'ውን ጠንቂ ጸጥታዊ ቅልውላው ይኾውን ከምዘሎ ይፍለጥ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ካዛኺስታን ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሶርያ ካብቲ ዝጸንሓ ዞባዊ ተገሊሎ ወጺኣ ናብ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ዳግማይ ተመሊሳ ኣብ ዘለወትሉ እዋን፡ እዚ ንመበል 20 ግዜኡ ኣብ ሃገሩ ዝተኻየደ ዋዕላ ናይ መወዳእታ ኣኼባ ምኳኑ ሓቢሩ።

## ተወሳኺ

ኣብ ብሪጣንያ፡ ንግያዊ መትረብ እንግሊዝ ሓንበሱ ብምስንጣቕ ንጉብረሰናይ ዝውዕል ገንዘብ ክእኩብ ዝፈተነ መንእሰይ ደሃዩ ከምዝጠፍአ ተገሊጹ።

እቲ ኢያን ሂዩዝ ዝተባህለ ኣባል ኣሃዱ መጥፋእቲ ሓዊ ዝኾነ መንእሰይ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ብሓንቲ ጃልባ ተሰንዩ እዩ ነቲ ናይ ግብረሰናይ ንጥፈት ፈሊምዎ።

ወተሃደራዊ ሄሊኮፕተራት፡ ጀላቡን ኣባላት ፖሊስን ዝተሳተፍዎ ናይ ምድላይ መስርሕ እኳ እንተተኻየደሉ፡ ክሳብ ሕጂ ግን እቲ ወዲ 42 ዓመት መንእሰይ ደሃዩ ኣይተረኽበን ዘሎ።



ኢያን፡ ቅድሚ ክልተ ሰሙን ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝዘርግሖ መልእኽቲ፡ እቲ ናይ ምሕንባስ መደቡ ብሰንኪ ሕማቕ ኩነታት ኣየር ከምዝደናጎዮ ኣፍሊጡ ነይሩ።

መትረብ እንግሊዝ 34 ኪ.ሜ ንውሓት ዘለዎ ኮይኑ፡ ሓምባሲቲ ክሰግርዎ ኣብ ዝፍትኑሉ እዋን፡ ካብ 7 ክሳብ 27 ሰዓታት ከምዝወስደሎም ይግለጽ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣዝባ | 23/06/2023 | ጎደና ዓዲ ሓወሻ 175 ቁ.ገዛ 58 ከባቢ ፖስት ኦፊስ ፊት ፎቶ ኤርትራ | 200141 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ	ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services